**እንዳ ቡስጣ**

ዓሚል፡ ከመይ ውዒልካ?

ሰራሕተኛ፡ ጽቡቕ ከመይ ውዒልኪ ‘ዛ ሓብተይ?

ዓሚል፡ ጽቡቕ፡

ሰራሕተኛ፡ እንታይ ክሕግዝ?

ዓሚል፡ ነዛ ደብዳበ ‘ዚኣ ንዓዲ እንግሊዝ ክሰዳ ደልየ፡

ሰራሕተኛ፡ ብተራ ዶ ብናይ ሓደራ?

ዓሚል፡ ናይ ክንደይ መዓልታት ፍልልይ ኣለዎ?

ሰራሕተኛ፡ ናይ ሓደራ ወይ ህጹጽ 5 መዓልታት፡ ተራ ግን ክሳብ 10 መዓልታት ኣቢሉ ይወስድ።

ዓሚል፡ ናይ ብዙሕ መዓልታት ፍልልይ ‘ባ ‘ዩ ዘለዎ!

ሰራሕተኛ፡ ከመይ ደኣ፡

ዓሚል፡ ኣብ ዋጋ ኸ ?

ሰራሕተኛ፡ ናይ ሓደራ ከከም ሚዛኑ 50 ናቕፋ ኣቢሉ ይበጽሕ፡ ተራ ኸኣ 12 ናቕፋ።

ዓሚል፡ እምብኣር ብናይ ሓደራ ስደዳ።

ሰራሕተኛ፡ በሊ ኣብዛ ሚዛን ስቐልያ ‘ዛ ሓብተይ።

ዓሚል፡ ሕራይ፡

ሰራሕተኛ፡ 45 ናቕፋ ኮይና ‘ላ።

ዓሚል፡ (ገንዘብ ሃሰስ ትብል) ይቕሬታ፡ ተራ ዶ ምገበርካለይ?

ሰራሕተኛ፡ ገንዘብ ጎዲሉኪ ዲዩ፡ ዋላስ ከምኡ መሪጽኪ?

ዓሚል፡ ኣነስ ናይ ሓደራ ‘ባ ደልየ ነይረ ወደይ፡

ሰራሕተኛ፡ ክንደይ ‘ዩ ጎዲሉኪ?

ዓሚል፡ 5 ናቕፋ፡

ሰራሕተኛ፡ ደሓን 5 ናቕፋ ካብ ናተይ ክምልኣልኪ ‘የ ‘ሞ ኣብ ዝጠዓመኪ ተምጽእለይ።

ዓሚል፡ ኣሸጊረካ ደኣ ከይኸውን፡

ሰራሕተኛ፡ ጸገም የለን’ዛ ሓብተይ፡

ዓሚል፡ ብጣዕሚ የቐንየለይ።

ሰራሕተኛ፡ ገንዘብኪ፡ ኣገልግሎትና ብምጥቃምኪ ‘ምበር የቐንየለይ፡

ዓሚል፡ ኣነ ኣልማዝ እብሃል

ሰራሕተኛ፡ ኣነ ኸኣ፡ ኪዳነ እየ።

ዓሚል፡ እወ፡ ኣብ ዝመጻእኩሉ ግዜ፡ እንተዘይረኸብኩኻ ሲ ንኪዳነ ሃቡለይ ክብል።

ሰራሕተኛ፡ ኖ ደሓን፡ ብዙሕ ኣይትሸገሪ፡

ዓሚል፡ ቀዳም ትኸፍቱ ዶ?

ሰራሕተኛ፡ እወ ክሳብ ፍርቂ መዓልቲ፡

ዓሚል፡ እንተጥዒሙንስ በል ቀዳም ሒዘልካ ክመጽእ ‘የ።

ሰራሕተኛ፡ ኣይትሰከፊ፡ ኣብ ዝጠዓምኪ ምጽኢ።

ዓሚል፡ የቐንየለይ፡ ብሩኽ መዓልቲ።

ሰራሕተኛ፡ ገንዘብኪ ‘ዛ ሓብተይ።

**<u>ኣብ'ዚ ዝርርብ ተመርኵስካ ነዞም ዝስዕብ ሕቶታት መልስ</u>**

1.ዓሚል ናበየናይ ሃገር 'ያ ደብዳበ ዝለኣኸት?

2.ናይ ሓደራ ደብዳበ ካብ ተራ ብኸንደይ መዓልቲ ይቕልጥፍ?

3.እታ ዓሚል ደብዳበኣ ብሓደራ ክትልእኽ እናደለየት ስለምንታይ ብተራ ክለኣኸላ ሓቲታ?

4. ዓሚል መልእኽታ ኣብ መወዳእትኡ ብኸመይ ሰዲዳቶ?

5. እንዳ ቡስጣ ቀዳም ክሳብ ሰዓት ክንደይ ይኸፈት?

Post Office/ Answers

1.

1. ናብ ዓዲ እንግሊዝ
2. ብሓሙሽተ መዓልቲ ዝቐልተፈ እዩ
3. እኹል ገንዘብ ኣብ ኢዳ ስለዘይነበራ
4. ብናይ ሓደራ
5. ክሳብ ፍርቂ መዓልቲ

2.

1. ሀ      2. ለ      3.ሐ

**<u>ሓደ ቅኑዕ መልሲ ምረጽ</u>**

1.ኪዳነ ንኣልማዝ ክንደይ ናቕፋ መሊኡላ?

ሀ. 5 ናቕፋ　　　ለ. 45 ናቕፋ　　　ሐ. 15 ናቕፋ

2. ኣልማዝ ነቶ ቡስጣ ብኸመይ ክትልእኮ ትደሊ ነይራ?

ሀ. ብተራ　　　ለ. ብሓደራ　　　ሐ. ርግጸኛ ኣይነበረትን

3. ኣልማዝ፡ "ይቕሬታ፡ ተራ ዶ ምገበርካለይ?" በለት፡ ምኽንያቱ ፡-

ሀ. ሓሳብ ስለዝቐየረት　　　ለ. ብዙሕ ገንዘብ ክትከፍል ስለዘይደለየት

ሐ. እኹል ገንዘብ ስለዘይነበራ

**<u>ሓቂ ወይ ሓሶት በል</u>**

1.ተራ ደብዳበ ካብ ናይ ሓደራ ደብዳበ ይቕልጥፍ፡።________

2. ኣልማዝ እኹል ገንዘብ ስለዘይነበራ ቀዳም ክትምለስ ወሰነት።______

3. ኪዳነን ኣልማዝን ኣቐዲሞም ይፋለጡ ነይሮም።______

4. ኪዳነ ንኣልማዝ ቀዳም ክትምለስ ኣገደዳ፡___________

5. እታ ዓሚልን ሰራሕተኛን ጽቡቕ ምርድዳእ ነበሮም።_______